”ሰበይቲ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን እያ" ዝብል ጽሑፍ:ሓድሽ ኪዳን ኣምጽኡልና! ያእ ኣይፋልኩምን! ኣይትኽእሉን! ከምኡ ዝብል ፈጺሙ የለን! ሰብኣይ ግና፥ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን እዩ። "AR Semere። ሰበይቲ ግን ምስሊ ኣምላኽ የብላን፡ ክብሩ ኸኣ ኣይኮነትን፧ 20200717 ክንዛረብ" ‘’Mussie Fesehaye Genesis 5:2 “When God created mankind, he made them in the likeness of God. 2He created them male and female and blessed them. And he named them “Mankind” when they were created.” So men, have a bit of humblness; and especially those who want to be heads of women while you yourself -not personally to you- posses no brains: have "

Habtom፥ ደጋግምካ tag ትገብረኒ፡ ጽሑፋተይ እውን ትትቐፅ ኣለካ። Personally, tag ምግባር ኣይፈቱን ንካል ኦት ሰባት እውን ታግ ኣይገብርን እየ። Anyways: ነዛ ኣብዛ ፖስትኻን ኮመንትን ኢልካዮ ዘለኻ ሕጽር ዝበለ መልሲ ክህበካ ስለ ዘለኒ፡ ነቲ መልሰይ ምእንቲ ክትሪኦ tag ክገብረካ እየ።

ነቲ ልጥፎ ናተይ ልንክ ብምግባር እውን፡ "ጸኒሖምሲ፡ የሱስ ካብ ሰብኣይ እዩ ተወሊዱ ኽብሉና እዮም። ሙሉእ፡ "ክርስትያናዊ ቓላት" ዝመልኤ፡ተተኮስ፡ ተበጣሕ ዘለዎ እነሆ፡ ንሕና ኢና "ኣእምሮን፡ ልሳንን" ኣምላኽ ንዝብሉኻ፣ ክትመያየጥ ቐሊል ኣይኮነን። https://www.facebook.com/100006793056629/posts/2726061574296918/?d=n" ኢልካ ኣለኻ።

....ደሓን እዚ ኣብዚ ኢልካዮ ዘለኻ ብዙሕ ሃጺ ስለ ዘይኰነ ክሓልፎ እየ።

ኣቀዲመ ክብለካ ዝደሊ ግና ሃብቶም፥ ነዛ፡ ነቲ ክትብሎ ዝደለኻ ዝሰማማዕ ሓደ ሓደ ቡርጅን ናይ ኢጋልታርያን ማይ ብሑቕ ዘለዎ ጥቕስታት መመሪጽካ ምምጅራጥሲ ካብ መንን ካብ መኣስን ኢኻ ተማሂርካዮ? መኣስ ኢኻኸ ክትሓድጎ?

Read this: "This is the book of the generations of Adam. In the day that God created man, in the likeness of God made he him; Male and female created he them; and blessed them, and called their name Adam, in the day when they were created." (Genesis 5:1-2)

በል ቅድም ዘፍጥረት 5፡1 ብትኽክል እንታይ ትብል ከም ዘላን እንታይ ከኣ ትብል ከም ዘየላን ንመልከታ።

ዘፍ5፡1 " In the day that God created man, in the likeness of God made he him; " ድያ ትብል ዘላ ወይስ ከምዚ መጅሪጥካ ዘምጻእካዮ version: “When God created mankind, he made them in the likeness of God" እያ ትብል ዘላ፧

ኣብቲ ኣብ ኢድካ ዘሎ ክቡራት ኣቦታትና ዝተርጎሙልና ትግሪኛ መጽሓፍ ቅዱስ ከኣ ኣንብባ፤ እብኡ እንታይ ድያ ትብል ዘላ፧ ረኣያ፥ " መጽሓፍ ወለዶ ኣዳም እዚ እዩ፥ ኣምላኽ በታ ንሰብ ዝፈጠረላ መዓልቲ ብምስሊ ኣምላኽ ገበሮ።"

ኣብዚ፥ " ኣምላኽ በታ ንሰብ ዝፈጠረላ መዓልቲ ብምስሊ ኣምላኽ ገበሮ።" ትብል ኣላ! እሞ " ብምስሊ ኣምላኽ ገበሮ።" ድያ ትብል ዘላ ወይስ "ብምስሊ ኣምላኽ ገበሮም" እያ ትብል ዘላ፧

ሃብቶም፥ ነዚ ቅዱስ ጽሑፍ ኣምላኽ፡ ዝልውጦ ዘሎሲ መን እዩ፤ ንሕና ወይስ ኢጋልታርያውያን!፤ ንሕና ፡ ነቲ ቅዱስ ትንፈስ ኣምላኽ ክንልውጥ ሞራልን ብቕዓትን የብልናን። ኣምላኽ ዓብዪ እዩ! ንስኻትኩም ግና፡ ንድፍረት ምዕራባውያን ኢጋልታሪያውያን ብግልጺ ትሰትዩዎ፡ ትቑሕምዎ፡ ብድፍረት ከኣ ናብ ማእከልና ተተኣታትውዎ ኣለኹም። ንሕና ኣብቲ ቅዱስ ቃል ኣምላኽ ዝገበርናዮ ዋላ ሓደ ድፍረት ወይ ለውጢ የለን። እንተሎ ንቃል ሓቂ ብትኽክል ብምምቃል መጒቱናን በዱህናን።

ናብ ዘፍጥረት ንመለስ!
እዚ ናይ ዘፍጥረት ጸሓፊ ዝብሎ ዘሎ፡ ምስቲ ጳውሎስ ኣብ 1ቆረ11፡7-9 ኢልዎ ዘሎ፡ ብትኽክል ይኸይድን ይሰማማዕን ደኣ እምበር ዋላ ሓንቲ እኳ ፍልልይ የብሉን። ጳውሎስ ካብ ርእሱ ኣይተዛረቦን። ብመንፈስ ኣምላኽ ተደሪኹን ተኹብኲቡን እዩ ነቲ ድሮ ኣብ ዘፍጥረት 1 & 2 ተዋሂቡ ዘሎ ንጹር ትንፋስ ኣምላኽ፡ ደጊሙ ካብ ኣምላኽ ተዛሪብዎ (2ጴጥ1.21)

ሎሚ ግና፥ እቶም ነቲ ትንፈስ ኣምላኽ ከም ዘለዎ ክትወስዱዎን ክትውሕጥዎን ዘይትደልዩ ሰባት፡ ሓንሳእ "እዚ ጳውሎስ ኣብ 1ቆረ11፡7-9 ኢልዎ ዘሎ ቃል ከቢድ እዩ" ትብሉ ሓንሳእ ድማ ካልእ ምኽንያታት ትህቡ ኣለኹም። እዋይ ንስኻትኩምሲ! ነቲ ፈጺሙ ዝብዳሃኩምን ምሉእ ብምሉእ ዘቃላዓኩምን ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ፡ "እዚ ክፍሊ እዚ ከብድ እዩ! ወዘተ." እናበልኩም ትሃድሙ፡ ኣብ ካልእ ከኣ ካልእ ነገር ትበላሓቱ፡ እዚ ከኣ pure politics እዩ። እቲ መንፈሳዊ ሰብ (1ቆረ2) ፥ ንትንፋስ ኣምላኽ ኵሉ ከም ዘለዎ እዩ ዝቕበሎን ኣሜን ዝብልን። እቲ መንፈሳዊ ሰብ ፖለቲካዊ ጌም ወይ ከኣ ሽጣራታት ፈጺሙ ኣይጥቕምን ኣይጻወትን እዩ። ምሉእ ፍርሃት ኣምላኽ እተመልአ መንፈሳዊ ሰብ እዩ። እንድሕር ተጋግዩ፡ ተጋጊየ ነይረ ኢሉ እዩ ገጋኡ ተኣሪሙ ዝምለስ!

በል ክነግረካ፥ ዘፍጠረት 1፡27 & ዘፍ5፡1-2 ዝርዝር ኣፈጣጥራ ሰብ ኣይኰነን ዝዛረብ። ጽማቕ (summary) ወይ ከኣ ጥቕልል ብዝበለ መልክዕ እዩ ብዛዕባ ኣፈጣጥራ ሰብ ዝዛረብ። እቲ ዝርዝር ኣፈጣጥራ ሰብ ደኣ ኣበይ ኣሎ፧ እወ፡ እቲ ዝርዝር ኣፈጣጥራ ሰብ፥ እቲ ኣብ ዘፍ2፡ 7-23 ዘሎ እዩ። እሞ ብዛዕባ ኣፈጣጥራ ሰብ ትኽክለኛ ምህሮ ተማሂርካ፡ ንኻልኦት ንኽትምህር፡ ቅድም ኣብቲ ኣብ ዘፍ2፥7-23 ዘሎ ሓቂ ምሉእ ብምሉእን 100%ን ረዓም! እንተ ዘይኰነ ክትሓዋውስ ክትነብር ኢኻ! ካብ ዘጥረት 1 ዝብገሱ ግናኸ ንኣፈጣጥራ ሰብ ዝሓዋውሱ ሰባት፡ ቁጽሪ የብሎምን።

ጳውሎስ ግና፥ ዝሓዋውስ ሰብኣይ ፈጺሙ ኣይኰነን! እቲ ጳውሎስ ኣብ 1ቆረ11፡7-9 ተዛሪብዎ ዘሎ ዘይልወጥ ኣምላኻዊ ሓቂ ፡ ቅድም ንዘፍጥረት ምዕራፍ 2 መሰረት ብምግባር፣ ቀጺሉ ድማ፥ ምስቲ ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 1 ዘሎ ሓቂ ከኣ ፍጹምን ብትኽክልን ብምውህሃድ (ሃርሞናይዝ ብምግባር) እዩ እተዛረቦ። ንዘፍ1፡27 & ዘፍ5፡1 ደጊምካን ተጠንቕቕካን ኣንብበን። ኣብ ክልቲኣን ጥቕስታት፥ እቲ ጸሓፊ ናይ ዘፍጥረት፡ ነታ "መልክዕ ኣምላኽ" እትብል ሓረግ፡ ብፍላይን ብቀጥታን ምስቲ ተባዕታይ ብምትእስሳር እዩ ብንጹር ተዛሪብዋ። ምስታ ኣንስተይቲ ብምትእስሳር ግና፡ ከምኡ ገይሩ ኣይተዛረባን! ስለ ምንታይ፧ እወ፥ ነቲ ንጹር ምኽንያት ጳውሎስ ነጊሩና ኣሎ። ያእ ኣይፋሉ ትብል እንተኾንካ ግና፥ ነታ ኣንስተይቲ ኣመልኪቱ፡ ከምቲ ብዛዕባ እቲ ተባዕታይ ብቀጥታ እተዛረበ፡ መልክዕ ኣምላኽ ከም ዝኾነት ብቐጥታ ዝዘረብ ጽሑፍ ድማ ብዛዕባ እታ ኣንስተይቲ ኣምጻኣለይ! ኣነ ግና፥ ክልተ ተወሰኽቲ ጥቕስታት እውን ክህበካ እየ። እዚ ከኣ ሓደ ዓይነት ቋንቋ እብራይስጢ ዘለወን ኣብ መጽሓፍ ዘፍጥረት ፡ ኣብቲ መጽሓፍ መጀመርታ ድማ ብንጹር ሰፊሩ ዘሎን ማለት እዩ። ነዘን ዝስዕባ ኣርባዕተ ጥቕሲታት ብምስትውዓል ኣንብበን!

‘’ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ። ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ። ተባዕታይን ኣንስተይትን ገይሩ ፈጠሮም። ’’ (ዘፍ1፡27) ፤ ‘’መጽሓፍ ወለዶ ኣዳም እዚ እዩ፥ ኣምላኽ በታ ንሰብ ዝፈጠረላ መዓልቲ ብምስሊ ኣምላኽ ገበሮ።’’ (ዘፍ5፡1) ፤ ``ኣዳም ድማ ሚእትን ሰላሳን ዓመት ገበረ፡ ከም መልክዑ ኸኣ ንእኡ ዚመስል ወዲ ወለደ፡ ስሙውን ሴት ኣውጽኣሉ።`` (ዘፍ5፡3) ፤ ``ኣምላኽ ንሰብ ብመልክዑ ገይርዎ እዩ እሞ፡ እቲ ደም ሰብ ዜፍስስ፡ ደሙ ብሰብ ኪፈስስ እዩ።`` (ዘፍ9፡6)

እሞ ኣብዘን ኣርባዕተ ጥቕሲታት ብንጹር ተቐሚጡ ከም ዘሎ፦ እቲ ``መልክዕ`` ዝብል ቃል፡ ብቀጥታ ነቲ ተባዕታይ፡ ንሱ ከኣ ንኣዳም ኣመልኪቱ እዩ ዝዛረብ ዘሎ። ኣርባዕቲኦን ተመልከተን! ካልእ፥ ንብሉይ ኪዳን ብምልኡ መርሚረዮ እየ፡ ንስኻውን መርምሮ! ካብዚ እተፈልየ፡ ከምዚ ነቲ ተባዕታይ ገይሩ ብንጽልን ብንጹርን ዝዛረብ ዘሎ ገይሩ፡ ነታ ኣንስተይቲ ኣመልኪቱ ድማ፥ ንሳ ``መልክዕ ኣምላኽን ክብሩን`` ምዃና ዝዛረብ ንጹር ጽሑፍ ሕጅውን ኣምጻኣለይ፡ ብቃል ኣምላኽ ኣደጊፍካ መጕትካ ርትዓኒ! እንተ ዘይኰነ፡ ሕጅውን ዘረባኻ ከንቱ ኲይኑ እዩ ዝተርፍ!

ብተዘዋዋሪ መገዲ፡ ኣዳም(እቲ ተባዕታይ) መልክዕ ኣምላኽን ክብሩን ስለ ዝኾነ፡ ንሳ እታ ኣንስተይቲ ከኣ ካብ ሰብኣይ ስለ እተወስደትን ክብሪ ሰብኣይ ስለ ዝኾነትን፡ ንሳውን ብኣዳም ኣቢላ መልክዕ ኣምላኽ ተካፊላ እያ`` እንተዳኣ ኢልካኒ፡ ኣከይ፡ እዚ ጸገም የብሉን። እንተዘይኰነ ግና፡ እታ ኣንስተይቲ ብቐጥታ መልክዕ ኣምላኽን ክብሩን እያ እንተዳኣ ኢልካ፡ ምሳይ እውን ኣይኰንካን እትከራኸር ዘለኻ። ነቲ ናይ ኣምላኽ ናይ ፍጥረት ጥበብ ኢኻ ትቃወም ዘለኻ። እዚ ኣምላኽ ባዕሉ ብፍሉይ ልዕላውነትን በቲ ብኣሰር ኣሰር ዘይምርመር መገዲታቱን ዝገበሮ ምስጢር እዩ። ደሓን ኣብቲ ሓድሽ ኪዳን መጺኣ እውን ኣብታ ኤክለሲያን ክርስቶስን ኣመልኪተ ክገልጾ እየ። ቅድም ግና ነዛ ሓቂ እዚኣ ሓዛ። ወይ ንጹር ጽሑፍ ኣምጻኣለይ፡ ወይ ድማ ነቲ ቅዱስ ጽሑፍ ከይለወጥካ፡ ከም ዘለዎ ተቀበሎ። ሎሚ ግና ኢጋልታርያውያን (ማዕርነታውያን) ነቲ ቅዱስ ጽሑፍ፡ ነቲ ትንፋስ ኣምላኽ ይግልብጥዎን ይልውጥዎን ኣለዉ። ንሕና ከኣ ስቕ ኢልና ኣይንሪኦምን። እቲ ዘሕዝነና ዘሎ፡ ንስኻትኮም፡ ድሮ ነቲ ማይ ብሑቕ ሰቲኹሞስ ኮፒ ፔስት ትገብሩዎ ኣለኹም። ንቃል ኣምላኽ እምበር ኣኽብሮት ይሃልኹም። ኣምላኽን ምስጢራት ኣፈጣትራኡን እኮ በቲ ቅዱስ ቃሉ እዩ ተገሊጹ። ብሕጂ ዝገብሮ ምኽሩውን ኣብቲ ህያው ቃሉ እዩ ዘሎ። ኣቱም ንቃሉ እትልውጥዎ ዘለኹም ግና፡ ኣብ መወዳእታ፡ ኣበይ ከም እተዓልቡ ብዙሕ የተሓሳስበና ኣሎ።

በል፥ እቲ ጸሓፊ ናይ ዘፍጥረት ስለ ምንታይ ነቲ ታባዕታይ ኣመልኪቲኡ ክዛረብ ከሎ፡``ብመልክዕ ኣምላኽ ገበሮ`` ዝብል፣ ነታ ኣንስተይቲ ክዛረብ ከሎ ግና፡ ስለ ምንታይ ማዕሪኡ፡ ``ብመልክዕ ኣምላኽ ገባራ`` ኣይበለን፧ ነዚዶ ምመለስካለይ፧ በል ስለ ምንታይ ንዝብል ሕቶ ጳውሎስ ክምልሶ ከሎ፥ ቅድም፡ እቲ ተባዕታይ ብመልክዕ ኣምላኽን ክብሩን ስለ እተፈጥረ፡ እታ ኣንስተይቲ ግና፡ ካብቲ ሰብኣይ ስለ እተወስደትን ክብሪ ሰብኣይ ኲይና ከኣ ስለ እተፈጥረትን እዩ ይብል ኣሎ! ኣነ ኣይኰንኩን ከም ኢለ! ጳውሎስ እዩ ኢሉ! ጳውሎስ ዝበሎ ከኣ ብመንፈስ ኣምላኽ ተደሪኹ እዩ፡ ካብ ኣምላኽ ተዛሪብዎ! ``ኵሉ ጽሑፍ ትንቢት ትርጕሙ ኻብ ርእሱ ከም ዘይኰነ፡ ቅድሚ ዅሉ እዚ ፍለጡ። ትንቢትሲ ቅዱሳት ሰባት እዮም ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሖም ካብ ኣምላኽ እተዛረብዎ እምበር፡ ከቶ ብፍቓድ ሰብ ኣይመጸን`` (2ጴጥ1፡20-21)

እሞ፡ ንስኻ ኲነ ወይስ እቶም ምስ ሓሳብካ ዝሰማምዑ ካልኦት፡ ምስ ጳውሎስ ተማጐቱ! ምሳይ ኣይኰነን መጐተኹም! ምስቲ ቅዱስ ጽሑፍ ኢኹም ትበኣሱ ዘለኹም!

ተመልከት፥ "ሰበይቲ ኻብ ሰብኣያ እያ እምበር፡ ሰብኣይ ካብ ሰበይቲ ኣይኰነን እሞ፡ ካብ ኰነስ፡ ርእሱ ኺጕልበብ ኣይግብኦን እዩ። ሰበይቲ ግና ክብሪ ሰብኣይ እያ። ሰበይቲውን እያ ምእንቲ ሰብኣይ እተፈጥረት እምበር፡ ሰብኣይሲ ምእንቲ ሰበይቲ ኣይተፈጥረን።" (1ቆረ11፡7-9) => እዚ ጀግና ሃዋርያ፡ ብዘይ ገለ ነግ ፈረግ፥

- 1ይ) "ሰበይቲ ኻብ ሰብኣያ እያ እምበር፡ ሰብኣይ ካብ ሰበይቲ ኣይኰነን`` ይብለካ ኣሎ

- 2ይ) `` `ሰብኣይ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን` ስለ ዝኾነ ኺጒልበብ ኣይግብኦን እዩ` `` ይብለካ ኣሎ
- 3ይ) ``ሰበይቲ ግና ክብሪ ሰብኣይ እያ`` ይብለካ ኣሎ።
- 4ይ) ሰበይቲውን እያ ምእንቲ ሰብኣይ እተፈጥረት እምበር፡ ሰብኣይሲ ምእንቲ ሰበይቲ ኣይተፈጥረን።`` ይብል ኣሎ!

1. ኣብዚ እዚ ዓብዪ ሃዋርያ፥ ብዛዕባ እቶም ኣብ መጀመርታ እተፈጥሩ ተባዕታይን ኣንስተይትን ክልተ ኣካላት፥ ኣገባብን ኵነታት ኣፈጣጥራኦም፡ መስርዕ ኣፈጣጥራኦን ዕላማ ኣፈጣጥራኦምን ብንጹር ይዛረብ ኣሎ። እታ ሰበይቲ ካብ ሰብኣይ እያ፣ ምእንቲ እቲ ሰብኣይ እያ ድማ ተፈጥራ፡ ክብሪ እቲ ሰብኣይ እያ ከኣ! ኣኸለ!
2. እዚ ኣብ ዘፍጥረት 1 & 2 ዘሎ ዘይልወጥ ሓቂ እዩ፣ እዚ ናይ ሓድሽ ኪዳን ሃዋርያ ከኣ ነዚ ሓቂ እዚ እዩ ከም ጸሓይ ወሊዑ፡ ኣብዚ ኣብ 1ቆረ11 ዝገልጾ ዘሎ።

ኣብ ትሕቲ እዚ ብዛዕባይ ዝጠቓዕዮ ልጥፎኻ፥ ነዚ ብዛዕባ እቲ ኣብዚ ጳውሎስ ዝዛረበሉ ዘሎ ዘይልወጥ ሓድሽ ኪዳናዊ ሓቂ፡ ዝጸሓፍኩዎ ጽሑፍ ንምቁዋም፡ ካብ ካልእ ናይ ጳውሎስ ጽሑፋት ክጥቐስ እተፈተ፡ ኣብ ኣዝዩ ድኹምን ግጉይን ሀርመነቲክስ(poor & wrong hermeneutics) እተመርኰሰ ልጥፎታት ከኣ ኣንቢበ ኣለኹ። ዘገርም እዩ! ንጳውሎስ ንምቁዋም ጳውሎስ ኣይትጠቐስን ኢኻ። ንስኻትኩም ግና፥ ኣብ 1ይ ቆረንቶስ 11፡7-9 ንዘሎ ጽሑፍ ጳውሎስ ንኽትቃወሙ፡ ካብ ካልእ ጽሑፋት ጳውሎስ ገዛእ ርእሱ፥ ካብ ሮሜ፡ ካብ ኤፌሶን፡ ካብ ቆሎሴ ትጠቕሱ! ወይ ጉድ! ነርባዕቲኡ መልእኽትታት ዝጸሓፎ ጳውሎስ ባዕሉ ምዃኑ ኣይትፈልጡን ድኹም፧ ጳውሎስ ከኣ፡ ቃል ርእሱ ኣይጸሓፈን። ኣምላኽ ጽሓፍ ዝበሎ ጥራይ እዩ ጽሒፉ። ቃል ኣምላኽ ከኣ ካብ ነሓድሕዱ ፈጺሙ ኣይጋጮን እዩ። እቲ ቃል ኣምላኽ ነሓድሕዱ ዘይጋጨወሉ እንኮ መገዲ ግና፡ ነቲ ቅዱስ ጽሑፍ በብቲ ነናቱ ዓንቀጽ (ዓውዲ) ጥራይ ተመልኺካን ፍጹም ተገዚኣካን እንተዳኣ ተርጒምካዮ ጥራይ እዩ። እቲ ቃል ኣምላኽ በብቲ ነናይ ገዛእ ርእሱ ዓውዲ ጥራይ ተገዚእካ፣ ብኣግባብን ቅዱስ ፍርሃትን ምስ ዝጽናዕ ድማ፡ ዋላ ሓንቲ ኣበር ዘይብሉ፡ ፍጹም ሰማያዊ፡ ዘይልወጥን ንዘለኣለም ጸኒዑ ዝነብርን ሓቂ እዩ።

እቶም ን1ይ ቆረንቶስ 11 ዘንበቡዋ ናይ መጀመርታ ኣንበብቲ፡ ምስቲ ኣብ ሮሜ 8፡29 ፣ ኣብ ኤፌሶን 4፡24 ፣ ኣብ ቆሎሴ 3፡9 ዘሎ መልክዕ ኣምላኽ፣ ምስቲ ኣብ 2ቆረ3 ዘሎ ናብ መልክዕ ክርስቶስ ምልዋጥ፡ እናኣጋጨዉን እናኣላተሙን ኣይኰኑን ነናይ ገዛእ ርእሶም ትርጉማትን ትንተናታትን ሂበማ። ሰብ ቆረንቶስ፡ መልእኽቲ ቆረንቶስ ክጸሓፈሎም ከሎ፡ መልእኽቲ ሮሜ፡ ቆሎሴ፡ ኤፌሶን ኣብ ኢዶም ኣይነበረን። እቲ ጳውሎስ ኣብ 1ቆረንቶስ11 ኢልዎ ዘሎ እንታይ ማለቱ ከም ዝኾነ ግና፡ ብንጹርን ብዘየደናግርን መገድን ተረዲእዎም እዩ። ተኣዚዘሞ ድማ!
ብዛዕባ እቲ ካብ ሮሜ8 ፣ ኤፌሶን 4 ፣ ቆሎሴ 3 ፣ 2ቆረ3 ብዘይ ኣግባብን ምስጢር መንፈሳዊ ፍልጠት ብዝጐደሎ መገዲ ከም መመጐቲ እተጠቕሰ ጥቕሲታት ግና፡ ነቶም ብገይጋ ዝጥቀምሉ ሰባት ኣፎም ብምዕባስ፡ ነቲ ቅዱስ ጽሑፍ እውን ምድሓን፡ ሓራ ውምጻእ (ግቡእ ጥብቅነት ምሃብ)፡ ስለ ዝግባእ፡ እዚ ክብል እየ፡-

ኣብቲ ምሉእ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኣምላኽ ንኽልተ ሰብ ጥራይ እዩ ከም ቀንዲ(ኣውራ) ዝፈልጥ። ነቲ ቀዳማይ ኣዳም (ነቲ ተባዕታይ) ን፡ ንክርስቶስ ነቲ ዳሕራይ ኣዳምን። እቲ ቀዳማይ ኣዳም፡ ንሱ ምስሊ ክርስቶስ እቲ ዳሕራይ ኣዳም እዩ። ``ኣዳም ከኣ ምስሊ እቲ ዚመጽእ እዩ።`` (ሮሜ5፡14)
ከም ምስሊ ክርስቶስ፡ እቲ ኣብ ዘፍጥረት 1 & 2፡ መልክዕ ኣምላኽን ክብሩን ሒዙ እተፈጥረ፡ ኣዳም እቲ ተባዕታይ እዩ። ``ሰብኣይ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን ካብ ኰነስ`` (1ቆረ11፡7) ። ኣብቲ ምሉእ መንፈሳዊ ዓለም እቲ መልክዕ እቲ ዘይረኣ ኣምላኽን ክብሩን ክርስቶስ እዩ (2ቆረ4፡4 ፣ ቆሎ1፡15) ። እቲ ኣዳም (እቲ ተባዕታይ) ምስሊ ክርስቶስ ኰይኑ እተፈጥረሉ ንጹር ምኽንያት እውን ብምኽንያት እዚ ዘለኣለማዊ መንፈሳዊ ሓቂ እዚ እዩ።

መልእኽቲ ሮሜ፡ 1 & 2 ቆረንቶስ፡ ኤፌሶንን ቆሎሴን፣ ናብታ ናይ ሓድሽ ኪዳን ኤክለሲያ እዩ ተጻሒፉ። እዚ መልእኽቲ እዚ ናብ ውልቀ-ሰባት ኣይተጻሕፈን። እቲ መልእኽትታት፡ ብዛዕባ ውልቀ-ኣማኒ ኣይኰነን ዝዛረብ! ሎሚ እቲ ዝዓበየ ጸገም ግና (መፈሳዊ ጸገም እዛረብ ኣለኹ!) ብመንፈስ ኢንዲቪዱዋሊዝም ዝሰኸሩ ሰባት፡ ነቲ ቃል ሓቂ ነናቶም ውልቃዊ ትንተናታት ይህብዎ ስለ ዘለዉ እዩ! እቲ ቃል ሓቂ ግና ኣይልወጥን እዩ! (ትርጉም individualism=> ውልቃውነት ፣ ንፍጹም መሰላት ንጥፈታት ወይ ናጽነት ናይ ውልቀ-ሰብ ኣብ ምፍላጥ ዝምርኮስ ማሕበረ-ፖለቲካዊ ክልሰ-ሓሳብ፣ ጃላነት (ካብ ኦንላይን ትግሪኛ መዝገበ ቃላት))

እሞ፡ እታ ኤክለሲያ ንክርስቶስ እንታዩ ድያ፧ ከምቲ ኣብ ዘፍጥረት ምዕራፍ 2፡21-22 ``እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ነቲ ሰብኣይ ከቢድ ድቃስ ኣውደቐሉ፡ ደቀሰ ድማ። ካብ መሰንገሊኡ ሓንቲ ወሰደ፡ ኣብ ስፍራኣ ድማ ስጋ መልኣ። እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ነታ ኻብ ሰብኣይ ዝወሰዳ መሰንገለ፡ ሰበይቲ ገይሩ፡ ሰርሓ እሞ ናብቲ ሰብኣይ ኣምጽኣ`` ዝብል፣ ልክዕ ከምቲ ሄዋን ንኣዳም፡ እታ ናይ ሓድሽ ኪዳን ኤክለሲያ ከኣ ከምኡ እያ ንክርስቶስ።

1ይ) ከምቲ ኣዳም መልክዕ ኣምላኽን ክብሩን ዝኾነ፡ ክርስቶስ ከኣ መልክዕ ኣምላኽን ክብሩን እዩ፣

2ይ) ክርስቶስ ካብታ ኤክለሲያ ኣይኮነን፡ እታ ኤክለሲያ ግና ካብ ክርስቶስ እያ። => በቲ ክርስቶስ ጐይታና ኣብ መስቀል ዝደቀሶ ከቢድ ናይ ሞት ድቃስ ብዝፈሰሰ ደሙ እያ እታ ኤክለሲያ ተጠርያ (ግብ20፡28)

3ይ) ከምቲ እታ ``ሰበይቲ ምእንቲ ሰብኣይ እተፈጥረት`` እቲ ሰብኣይ ግና፡ ምእንቲ ሰበይቲ ዘይተፈጥረ፥ ልክዕ ከምኡ ድማ፥ እታ ኤክለሲያ እያ ደኣ ምእንቲ ክርስቶስ እተፈጥረት እምበር፡ ክርስቶስ ምእንቲ እታ ኤክለሲያ ኣይተፈጥረን።

4ይ) እታ ``ሰበይቲ ክብሪ ሰብኣይ `` ከም ዝኾነ፡ ልክዕ ከምኡ ድማ፡ እታ ኤክለሲያ ከኣ ክብሪ ክርስቶስ እያ፣

5ይ) እታ ኤክለሲያ ምሉእ ብምሉእ ክብሪ ክርስቶስ እትኸውን ግና መኣስን ብኸመይ ኣገባብን እያ፧

ሕራይ፥ ቅድሚ ካብ ሓድሽ ኪዳን ንጹር መልሲ ምሃበይ፡ ንዘፍጥረት2፡23 ብምስትውዓል ንመልከታ!

- ``እቲ ሰብኣይ ከኣ፥ እዚኣ ዓጽሚ ኻብ ኣዕጽምተይ፡ ስጋ ኸኣ ካብ ስጋይ እያ፡ ካብ ሰብኣይ ተወሲዳ እያ እሞ፡ ሰበይቲ ትብሃል፡ በለ። ``
- ሄዋን ልክዕን ምሉእ ብምሉእን ካብ ኣዳም ስለ እተወስደት፡ ልክዕ ንኣዳም እያ ትመስል። ስለዚ ከኣ ብትኽክል ክብሩ እያ። እታ ሰበይቲ (ሄዋን) ካብ ሰብኣይ እተወስደት ዓጽሚ ኻብ ኣዕጽሙ፡ ስጋ ኸኣ ካብ ስጋኡ እያ፡ ስለዚ ከኣ ኽብሩ እያ (``ሰበይቲ ክብሪ ሰብኣይ እያ!) ።
- ሄዋን ብኸመይ መገዲ እያ ከምዚ ክትከውን በቒዓ፧ እወ፥ ኣምላኽ ነታ ካብ ሰብኣይ ዝወሰዳ መሰንገለ፡ ንኸምዚ ዕላማ ኣወቂቡ ስለ ዝሰርሓ! ``እግዚኣብሄር ኣምላኽ ድማ ነታ ኻብ ሰብኣይ ዝወሰዳ መሰንገለ፡ ሰበይቲ ገይሩ፡ ሰርሓ እሞ ናብቲ ሰብኣይ ኣምጽኣ።"(ዘፍ2፡22)
- እዚ ኣብዚ ጥቕሲ እዚ ``ሰርሓ`` ዝብል ዘሎ ቃል፡ ብእብራይስጢ፡ ``ባና`` እዩ ዝብል። (ኣብ ዘፍ4፡17፣ 8፡20 ፣ 10፡11 ፣ 11፡3, 5, 8 ፣ 12፡7, 8 ወዘተ. ተጠቒሱ ኣሎ። ``ኣነጸ፡ ሃነጸ፡ ምህናጽ`` ዝብል ትርጉምን መልእኽትን እዩ ዘለዎ።
- እታ ኣብቲ ምሉእ ሓድሽ ኪዳን ብንጹርን ብግልጽን ተገሊጻን ተቐሚጣን ዘላ እንኮ ናይ ሰማይ ናይ ክርስቶስ ራእይ(ግብ26፡19)፡ ነታ እንኮ ኤክለሲያኡ ናይ ምህናጽ ራእይ እያ። ``ኣነ ኸኣ እብለካ ኣሎኹ፡ ንስኻ ጴጥሮስ ኢኻ። ንማሕበረይ ከኣ ኣብዛ ኸውሒ እዚኣ ኽሃንጻ እየ፡ ደጌታት ሲኦል ድማ ኣይሕይልዋን።`` (ማቴ16፡18)
- እታ ካብቲ ጊዜ ስቕለቱን ትንሳኤኡን ጀሚሩ ክሳዕ ግዜ ምጽኣቱ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ዝፍጽማ ዘሎ እንኮ ናይ ሰማይ ራእይ፡ ምህናጽ እታ ኣብ መስቀል ብዝፈሰሰ ክቡር ደሙ ዘጥረያ ሓንቲ ኤክለሲያኡ (ግብ20፡28) እያ። እታ ኣብዚ ዘመን እዚ እንኮ ናይ እግዚኣብሄር ኣቦ ዕዮ፡ነዛ እንኮ ኤክለሲያ ምህናጽ እያ። ከምቲ ንሄዋን ፍጹም ንኣዳም ትመስል ገይሩ ዝሃነጸ እሞ፡ ሃኒጹ ምስ ወዳኣ እውን ናብ ኣዳም ዘምጸኣ (ዘፍ2፡22) ፡ ልክዕ ከምኡ ከኣ ነታ እንኮ ኤክለሲያ፡ ነቲ ፍጹም መልክዕ ወዱ ክሳዕ እትመስል ክሃንጻ እዩ፣ ሃኒጹ ምስ ወደኣ ከኣ፡ ኣብቲ ዳግም ምጽኣት ጎይታና የሱስ፡ ናብ ወዱ ከምጽኣ እዩ። (ራእይ19፡6-8)

- ``ከም ድምጺ ብዙሕ ሰብን ከም ደሃይ ብዙሕ ማያትን ብርቱዕ ነጐዳታትን ዝበለ ኸኣ፡ እቲ ኹሉ ዚኽእል እግዚኣብሄር ኣምላኽና ነጊሱ እዩ እሞ፡ ሃሌሉያ። መርዓ እቲ ገንሸል በጺሑ፡ መርዓቱውን ተዳልያ እያ እሞ፡ ንተሐጒስ ባህ ድማ ይበለና፡ ንእኡውን ክብሪ ንሀብ፡ ኪብል ከሎ ሰማዕኩ። ብን ዝበለ ጻዕዳ ሻሽን ጽሩይ ክዳንን ክትክደን ከኣ ተዋህባ። እቲ ሻሽ እቲ ድማ ጽድቂ እቶም ቅዱሳት እዩ። ``

እሞ፡ እቲ ኣብ ሮሜ8፡28 ፣ 2 ቆረ3፡18 ፣ ኤፌሶን4፡24 ፣ ቆሎሴ3፡9-10 ዘሎ፡ ምልዋጥ ናብ መልክዕ ኣምላኽ፡ ወይ ከኣ ምልባስ መልክዕ ኣምላኽ፡ ንሱ ከኣ ክርስቶስ፡ ነዚ ኣብዚ ዝገለጽኩዎ ሓቂ እዩ ዘመልክት! እቲ ሓሳብ ከምዚ ኣብዚ ከም ድላይኩም ትሓዋውስዎ ዘለኹም ኣይኮነን! ንሕና ከምዚ ትሓዋውስዎ ንቃል ኣምላኽ ኣይንሓዋውስን ኢና! እታ እንኮ ናይ ሰማይ ጻውዒት ኣምላኽ ነታ እንኮ ኤክለሲያ፥ ንክርስቶስ ንኽትመስል እዩ! ስለ ምንታይ፧ ምኽንያቱ ክርስቶስ በይኑ እቲ መልክዕ ኣምላኽን ክብሩን ስለ ዝኾነ! ካብ ክርስቶስ ወጻኢ፡ ንመልክዕ ኣምላኽን ክብሩን ኣይትረኽቦን ኢኻ! እታ ካብኡ እተወስደት ኤክለሲያ ከኣ ክብሪ ክርስቶስ እያ። ናይዚ መንፈሳዊ ሓቂ እዚ ምስሊ ኣዳምን ሄዋንን እዮም። ክርስቶስ እቲ መልክዕ ኣምላኽን ክብሩን ስለ ዝኾነ፡ ኣዳም (እቲ ተባዕታይ)፡ ከም ምስሊ ክርስቶስ፡

መልከዕ ኣምላኽን ክብሩን **ኰ**ይኑ ተፈጢሩ። ሄዋን ( እታ ኣንስተይቲ) ድማ፡ ከም ምስሊ እታ ኤክለሲያ ስለ ዝኾነት፡ ክብሪ ሰብኣይ ኰይናን ምእንቲ ሰብኣይን እያ ተፈጢራ።

እምበኣር፡ ልክዕ ከምቲ እታ ካብቲ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን ዝኾነ ቀዳማይ ኣዳም እተወስደት ሄዋን ክብሪ ሰብኣይ ዝኾነት፡ እታ ካብቲ መልከዕ ኣምላኽን ክብሩን ዝኾነ ክርስቶስ ዝመንጨወት ኤክለሲያ ከኣ፡ ክብሪ ክርስቶስ ክትከውን እያ። ኣዳም ምስሊ ክርስቶስ እዩ፡ ሄዋን ከኣ ምስሊ እታ ኤክለሲያ እያ። ከምቲ ኣዳም ጥራይ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን ኰይኑ ቅድም እተፈጥረ፡ ሕጂ ከኣ ክርስቶስ ጥራይ እዩ እቲ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን። ጻውዒት እታ ኤክለሲያ ድማ፡ ናብ ምስሊ ክርስቶስ ብምልዋጥ፡ ክብሪ ክርስቶስ ምዃን እዩ። ልክዕ ከምቲ ኣብ ሄዋን ዝኾነ ማለት እዩ! ሄዋን፥ ካብ ኣዳም ብእተወስደት መሰንገለ ተሃኒጻ፡ ዓጽሚ ካብ ዓጽሙ፡ ስጋ ካብ ስጋኡ ብምዃን ንኣዳም ነቲ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን፡ መሲላቶ፡ በዚ ከኣ ክብሪ ኣዳም ኰይናን እያን። እታ ኤክለሲያ ከኣ፡ በቲ ካብ ክርስቶስ ዝወሓዘ ደሙ ተዓዲጋ፡ በቲ ናይትንሳኤ ህይወቱ እናተሃንጸት፡ በቲ ዝተንሰአ ስጋኡ ድማ ንእኡ ብምምሳል (ሮሜ8፡29 ፣ ፊሊጲ3፡21 ፣ 1ቆረ15፡49) ክብሪ ክርስቶስ (ክብሪ እቲ ሰብኣይ) ክትከውን እያ።

እሞ ክምጉቱ ደልዮም፤ እስከ ይምጽኡ! 2ቆረ3፡18 እንታይ ድዩ ዝብል፡- ``ንሕና ኹላትና ግና ብቕሉዕ ገጽ ነቲ ኽብሪ ጐይታ ኸም ብመስትያት ጌርና እናጠመትናዮ፡ ከም ካብ መንፈስ ጐይታ ኻብ ክብሪ ናብ ክብሪ ናብቲ ምስሊ ኣርኣያኡ ንልወጥ።`` እዚ ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ፡ ``ምስሊ ኣርኣያኡ`` ዝብል ናይ መን እዩ፤ ናይ ክርስቶስ ጐይታና እዩ። ንሱ በይኑ እዩ እቲ ``ምስሊ ኣርኣያ`` ኣምላኽ። እታ ኤክለሲያ ድማ ናብዛ ሓንቲ ምስሊ ኣርኣያ ክርስቶስ ክትልወጥ ተጸዊዓ! ክርስቶስ እቲ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን እዩ። ክርስቶስ መልከዕ እቲ ዘይረ ኣምላኽን ናይ ክብሩ ነጸብራቕን እዩ። ቃል ኣምላኽ ብዓንቀጽ (ብዓውዱ) ይነበብ! ጳውሎስ ኣብ 2ቆረ4፡4 ከምዚ ይብል፡``እቲ ብርሃን ወንጌል ናይ ክብሪ ክርስቶስ፡ ንሱ ኸኣ ምስሊ ኣምላኽ፡ `` ክርስቶስ ጥራይ እዩ እቲ ምስሊ ኣምላኽ። እታ ኤክለሲያ ከኣ ነዚ ክርስቶስ እዚ ክትመስል እያ ተጸዊዓ! ናብ ልክዕ ምስሉ ምስተለወጠት ክብሩ ክትከውን እያ! ከምቲ ብዛዕባ ሄዋን ኣብ ዘፍጥረ2፡ **24-25 እተባህለ ድማ፡ ኣብታ ኤክለሲያን ክርስቶስን ኣብ ግዜ ዳግም ምጽኣት ጐይታና ከምኡ ክፍጸም እዩ!** ``ስለዚ ሰብኣይ ኣቦኡን ኣዲኡን ይሓድግ፡ ምስ ሰበይቱ ኸኣ ይጠብቕ። ሓደ ስጋ ድማ ይኾኑ ።``

``ንስኻትኩም፡ ነቲ ኣረጊት ሰብ ምስ ግብሩ ቐንጢጥኩም፡ ከምቲ ምስሊ እቲ ዝፈጠሮ ጌርኩም፡ ነቲ ንፍልጠት ዚሕደስ ሓድሽ ሰብ ዝለበስኩም፡ ንሓድሕድኩም ኣይትተሓሳሰዉ።`` (ቆሎሴ3።9-10) ነዚ ቃል እዚውን ብዓንቀ (ብዓውዱ) የንብብዎ! እዚውን፥ በቲ ንጠወ፡ ናብቲ ንገልበጥ፡ ብዛዕባ ክርስቶስ እዩ ዝዛረብ። እስከ ክንሓቶኩም፡ እቲ ኣረጊት ሰብ ዝብልሲ፡ ካብ ኣዳም እቲ ተባዕታይ ዝወረስናዮ ድዩ፡ ወይስ ካብ ሄዋን እታ ኣንስተይቲ፤ እስከ ቅድም ነዚ ሕቶ ይመልሱልና፤ (Old Man ድዩ ዝብል እቲ ቃል ኣምላኽ ወይስ old woman?) እስከ ንገሩና!፤

Anyways: ከም ዘየላቡ ገርና ንመጐተኹም ክንክርድኖ፡ ናብ ቆሎሴ3፡11 ንቀጽል!
``ክርስቶስ ኵሉን ኣብ ኵሉን እዩ እምበር፡ ኣብኡስ ጽርኣውን ኣይሁዳውን፡ ግዝረትን ዘይግዝረትን፡ ባርባን ስኪትን፡ ባርያን ጭዋን የልቦን።``
በሉ ተመልከቱ፥- ``ክርስቶስ ኵሉን ኣብ ኵሉን እዩ `` ``Christ is all and in all`` ክርስቶስ ኣብ ውሽጢ ነፍሲ ወከፍ ኣባላት(ኣካላት) እታ እንኮ ኤክለሲያኡ(ስጋኡ) ስለ ዘሎ፡ ኵሎም እቶም ኣካላት ስጋኡ ብሓንሳእ ተደሚሮም፡ መን ወይ እንታይ ይኾውን፤ እወ፥ ክርስቶስ ኵሉን ኣብ ኵሉን ይኸውን! በቃ! ኣኸለ! ኣርባዕተ ነጥቢ! ኵሉ ብዛዕባ ክርስቶስ እዩ! ብውሽጢ ክርስቶስ! ብደገ ክርስቶስ! ክርስቶስ ኵሉን ኣብ ኵሉን! ኤፌሶን 4 እንተኾነ እውን ፡ ሰባት ናብ ዝጠወዩ ይጥወይዎ ብዘየገድስ፡ ካብዚ ሓቂ እዚ ዋላ ሓንቲ እተፈልየ ትርጉም የብሉን። ምስቲ ናይ ቆሎሴ ሓደ ዓይነት እዩ። እቲ ናይታ ኤክለሲያ እንኮን ዝለዓለትን ጻውዒት፡ ንክርስቶስ ብምልባስ ንክርስቶስ ምምሳል፡ከም ውጽኢት ድማ፥ ክብሪ ክርስቶስ ምዃን እያ!

ኣብ ሮሜ 13፡14 እታ ዓብዪ ሃዋርያ፡ ብንጹር ከምዚ ይብል፡ ``ንጐይታ የሱስ ክርስቶስ ደኣ ልበስዎ እምበር፡ ነቲ ሓልዮት ስጋስ መለዓዓል ትምኒት ኣይትግበርዎ።`` ኣብ ገላትያ3፡26-27 እውን፡``ብክርስቶስ እተጠመቕኩም ዘበልኩም ንክርስቶስ ለቢስኩምዎ እሞ፡ ብእምነት ብየሱስ ክርስቶስ ኵላትኩም ውሉድ ኣምላኽ ኢኹም።`` ይብል። በቃ! ኣኸለ! እታ ኤክለሲያ፡ ካብቲ ቀዳማይ ሰብኣይ ኣዳም (እቲ ተባዕታይ) ወጺኣ፡ ብጥምቐት ናብ ውሽጢ ክርስቶስ እቲ ካልኣይ ሰብ ዝኣተወት እያ! (ሮሜ5፡13-6፡14) ፡ እቲ ናይ ኵሉ ሳዕ ጻውዒታ ድማ ንእኡ ብምልባስ ክትመስሎን ክብሩ ክትከውንን እዩ።

ከምቲ መልክዕ እቲ ምድራዊ (ንሱ ከኣ መልክዕ እቲ ተባዕታይ ቀዳማይ ኣዳም) ዝለበስት፡ ኣብ ጊዜ ትንሳኤ
ድማ፡  እታ ኤክለሲያ መልክዕ እቲ ሰማያዊ (ካልኣይ) ሰብ (ክርስቶስ) ክትለብስ እያ! ``**45** ከምኡ ድማ፡
እቲ ቐዳማይ ሰብ፡ ኣዳም፡ ህያው ነፍሲ ኾነ፡ ዚብል ጽሑፍ እዩ፡ እቲ ዳሕራይ ኣዳም ህያው ዚገብር መንፈስ
ኰነ። **46** ግናኸ ቅድም እቲ ነፍሳዊ እዩ እምበር፡ እቲ መንፈሳዊ ኣይኰነን፡ ደሓር እቲ መንፈሳዊ እዩ። **47** እቲ
ቐዳማይ ሰብ ካብ ምድሪ ኾይኑ መሬታዊ እዩ፡ እቲ ኻልኣይ ሰብ ግና ካብ ሰማይ እዩ። **48** ከምቲ መሬታዊ
ኸምኡ ኸኣ እቶም መሬታውያን እዮም፡ ከምቲ ሰማያዊ ድማ ከምኡውን እቶም ሰማያውያን እዮም። **49**
ከምቲ ምስሊ እቲ መሬታዊ ዝለበሰና፡ ምስሊ እቲ ሰማያዊ ድማ ክንለብስ ኢና።`` (1ቆሮ15፡45-49)

=> ከም ናይ መወዳእታ ውጽኢት እታ ኤክለሲያ፡ ክብሪ ክርስቶስ ክትከውን እያ።

ነዚ ዅሉ ድሕሪ ምባል፥ እሞ እዚ ኣብ ሮሜ ፣ ኤፌሶን፣ ቆሎሴ ወዘተ ዘሎ ሓቂ እዚ፡ ምስቲ እቲ ጳውሎስ ኣብ 1ቆረንቶስ 11፡ 7-9 ዝምህሮ ዘሎ ሓቂ እንታይ ዘጋጩ ኣለዎ!፧ ዋላ ሓንቲ እኳ!

1ይ) ሰብኣይ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን እዩ፣

2ይ) ሰበይቲ ምእንቲ ሰብኣይ እያ ተፈጥራ፣

3ይ) ሰብኣይ ምእንቲ ሰበይቲ ኣይተፈጥረን፣

4ይ) ሰበይቲ ክብሪ ሰብኣይ እያ፣

5ይ) ብምስሊ ክንመጽእ ከሎና ድማ፥ ኣዳም ናይ ክርስቶስ ምስሊ እዩ፡ ሄዋን ከኣ ናይታ ናይ ሓድሽ ኪዳን ኤክለሲያ ምስሊ እያ

6ይ) ክርስቶስ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን እዩ፣

7ይ) እታ ኤክለሲያ ከኣ ክብሪ ክርስቶስ እያ

8ይ) ክርስቶስ ምእንቲ እታ ኤክለሲያ ኣይተፈጥረን፡ እታ ኤልከሲያ ግና ምእንቲ ክርስቶስ እያ ተፈጢራ (ቆሎሴ1፡16-17)

እዚ ኣብዚ ካብ ሓደ-ክሳዕ ሸሞንተ ተዘርዚሩ ዘሎ ሓቂ፡ ኣብ ዝኾነ ባህልን ዘመንን ዘይልወጥ ዘለኣለማዊ ሓቂ እዩ። ክርስቶስ ክሳዕ ዳግም ዝመጽእ ድማ፡ ኣብተን ኣብ ምድሪ ዘለዋ ኵለን ኤክለሲያታት ኣምላኽ፡ እዚ ሓቂ እዚ ክሕሎ እዩ። እታ ኤክለሲያ ኣምላኽ ኣብ ከከተማኡ ክትእከብ ከላ፡ እቲ ኣብ 1ቆረንቶስ 11፡2-16 ዘሎ ናይ ፍጥረት ስርዓት ኣምላኽ፡(Divine Creation Order) ኣብ ማእከል እታ ኤክለሲያ ከምዚ ኣብዚ ኣምላኽ ኣዝዝዎ ዘሎ ኰይኑ ክግለጽን ክሕሎን እዩ። ኣብ 1ቆረንቶስ 11፡2-16 ንዘሎ ናይ ፍጥረት ስርዓት ኣምላኽን ትእዛዙን፣ ንዘፍጥረት 1 & 2 ወይስ ንሮሜ 8፡29 ፣ ኤፌሶን4፡24 ፣ ቆሎሴ3፡9-10, 2ቆሮ3፡18 ጠቒስካ ኣይተፍርሶን ወይ ከኣ ኣብ ሕቶ ኣይተእትዎን ኢኻ! እወ፡ ን2ቆሮ3 ፣ ንሮሜ 8 ፣ ኤፌሶን 4 & ቆሎሴ 3 ዝጠቐሱ፡ ``ሰበይቲ ማዕረ ሰብኣይ እያ፣ ከምቲ ንሱ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን ዝኰነ፡ እታ ሰበይቲውን ልክዕ ከምኡ እያ`` ኢሎም ንኽምጒቱ እዮም ነዚ ዅሉ ጥቕስታት ጠቒሰሞ! ከምቲ ``ፈራህ ዓሰርተ በትሩ`` ዝበሃል በጺሕዎ ኣሎ! እሞ ኣብዚ ኣቃሊዐኩምን ክርዲነኩምን ኣለኹ! ክትንስሑን ክትምለሱን ተስፋ እገብር!

ሮሜ ፣ ኤፌሶን፣ ቆሎሴ፡ 2ይ ቆረንቶስ ወዘተ. ነታ ክብሪ ክርስቶስ ንምዃን ኣብ መስቀል እተወልደት ኤክለሲያ እዩ ዝዛረብ ዘሎ። እዚ ንውልቃዊ ኣፈጣጥራ ደቂ ሰባት ፈጺሙ ኣይዛረብን እዩ! ነታ ኤክለሲያ እዩ ዝዛረብ! 1ቆረንቶስ 11 ግና፡ ብዛዕባ ናይ መጀመርታ (ኦሪጅናል) ኣፈጣጥራ እቶም ቀንዲ ኣባላት እታ ኣብ ከከተማኡ እትእከብ ኤክለሲያ ኣምላኽ ዝኾኑ ተባዕታይን ኣንስተይትን ኣብ ነሓድሕዶም ዘለዎም ዝምድናን እዩ ዝዛረብ።  ኣብ ዘፍጥረት 1 & 2፥ መስርዕ ኣፈጣጥራኦምን መለኮታዊ ዕላማኡን ከመይን እንታይን ነይሩ፡ እቲ ሃዋርያ  ብንጹር ይዛረብ ኣሎ! እዚ ሓቂ እዚ ከኣ ገና ኣብታ ናይ ሓድሽ ኪዳን ኤክለሲያ ይቕጽል እዩ። ጳውሎስ ይብል ኣሎ፥ እታ ኣብ ዘፍጥረት 1& 2 ዘላ ሰበይቲ (ንሳ ከኣ ወኪል ናይ ኵለን ኣንስቲ)፡ (1ይ)፥ ምእንቲ ሰብኣይ እያ ተፈጢራ፣ (2ይ) ድማ፥ ክብሪ ሰብኣይ እያ። ስለ ዝኾነት ከኣ፡ ኣብ ኣኼባ እታ ኤክለሲያ ኣምላኽ፡ ንሳ ርእሳ ትጉልበብ፡ እቲ ተባዕታይ ግና፡ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን ስለ ዝኾነ ርእሱ ኣይጉልበብን እዩ፡ ኢሉ ኣምላኽ በዚ ሃዋርያ ይእዝዝ ኣሎ።/ For it is not right for a man to have his head covered, because he is the image and glory of God: but the woman is the glory of the man./ እዛ ጥቕሲ ኣዝያ ንጽርቲ እያ። ኣብ ኣኼባ እታ ኤክለስያ ይብል ኣሎ ጳውሎስ፥ እቲ ሰብኣይ ርእሱ ኣይጐልበብ። ስለ ምንታይ ንዝብል፥ ምኽንያቱ ንሱ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን ስለ ዝኾነ። እታ ሰበይቲ ግና ትጐልበብ። ስለ ምንታይ ንዝብል፡ ምኽንያቱ ንሳ ክብሪ ሰብኣይ እያ፡ ይብል ኣሎ!

እሞ፡ እታ ሰበይቲ ክብሪ ሰብኣይ ምዃና፣ እቲ ሰብኣይ ድማ፡ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን ምዃኑ፡ ንዘመነ ቆረንቶስ ጥራይ ዝሕደግ ድዩ፧ እዚ ዘለኣለማዊ ሓቂዶ ኣይኮነን!፧ እዚ ሓቂ እዚ ሕጅውን ኣይተለወጠን! እተን ሎሚ ጸጉረን ዝቁረጻ፡ (ዝላጸያ)፡ ኣብታ ኤክለሲያ ኣምላኽ ድማ፡ ርሰን  ከይተጐልበባ ዝጽልያ ወይ ዝንበያ፡ ነዚ ቃል ሓቂ እዚ እየን ተመሓላሊፈኖ ዘለዋ። "እዚ ንቆረንቶሳውያን እዩ ዝምልከት! ንኣና ነዚ ዘመን እዚ ኣይምልከተናን እዩ!" ብዝብል ምህሮ ሓሶት ስለ ዝሰሓታ ጥራይ እየን።
ኣብዚ ንጥቕሲ ሽዱሽተን ሸውዓተን፡ ከደግማ እየ! "ሰበይቲ ዘይትጒልበብ እንተ ኾነት፡ እምብኣርሲ ጸጒራ ትቈረጽ። ግናኸ ንሰበይቲ ምቝራጽ ወይስ ምልጻይ ጸጉራ ዜነውራ ኻብ ኰነ፡ ትጐልበብ።"/For if a woman does not cover [d]her head, let her also [e]have her hair cut off; but if it is disgraceful for a woman to [f]have her hair cut off or [g]her head shaved, let her cover [h]her head

(ጥ*6) ‘’ሰብኣይ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን ካብ ኰነስ፡ ርእሱ ኺጕልበብ ኣይግብኦን እዩ። ሰበይቲ ግና ክብሪ ሰብኣይ እያ።” /For it is not right for a man to have his head covered, because he is the image and glory of God: but the woman is the glory of the man./

መሰረት ናይዚ ጳውሎስ ኣብዚ ተዛሪብዎ ዘሎ ሓቂ ፡ እቲ ኣብ 1ቆረ11፡3 ዘሎ፡ ``ኣምላኽ ርእሲ ክርስቶስ እዩ፣ ክርስቶስ ርእሲ ሰብኣይ እዩ፣ ሰብኣይ ርእሲ ሰበይቲ እዩ።`` ዝብል መሰረታዊ ሓቂ እዩ፣ እዚ ከኣ ነቲ ስልጣናዊ መስርዕን ስርዓትን እታ ዘለኣለማዊት ግዝኣት ኣምላኽ(the Divine order in God’s Eternal Government) ዝገልጽ ሓቂ እዩ። እቲ ኣብዚ ሓቂ እዚ እተመርኮሰ ኣብ 1ቆረ11፡2-16 ከኣ ብንጹር ተቐሚጡ ዘሎ ዘይልወጥ መለኮታዊ ስርዓት(ኦርደር) እምበኣር፡ ኣብ ዘመናት ኵሉ፡ ኣብ ኵሉ ኣኼባ እተን ኤክለሲያታት ኣምላኽ ክሕሎ ዘለዎ ዩኒቨርሳል ዝኾነ ሓቂ እዩ።

- 1ይ) ኣምላኽ ርእሲ ክርስቶስ ምዃኑ፡
- 2ይ) ክርስቶስ ርእሲ ሰብኣይ ምዃኑ፡
- 3ይ) ሰብኣይ ርእሲ ሰበይቲ ምዃኑ፡ (እታ ኣንስተይቲ ኣብ ትሕቲ ስልጣን እቲ ተባዕታይ ምዃና)
- 4ይ) ሰብኣይ ምስሊ ኣምላኽን ክብሩን ምዃኑ፡ ስለዚ ከኣ ኣብ ኣኼባ እታ ኤክለሲያ ርእሱ ኪጉልበብ ዘይግበኦ ምዃኑ
- 5ይ) ሰበይቲ ክብሪ ሰብኣይ ምዃና፡ ስለዚ ከኣ ኣብ ኣኼባ እታ ኤክለሲያ ክትጽሊ ወይ ክትንበ ከላ ጸጉራ ክትሸፈን ከም ዝግባኣ (ጸጉራ ምቕራጽ ግና ነውሪ ምዃኑ)

እዚ ኣብ ኵሉ ባህልን ወለዶን ዘይልወጥ ሓቂ እዩ።

``ገለ ሰብ ግና ባእሲ ዚፈቱ እንተ ኾነ፡ ንሕናን እተን ኤክለሲያታት ኣምላኽን ከምዚ ዝበለ ልማድ የብልናን። `` (1ቆረ11፡16)

እሞ ሃብቶም ፥ ትምጉት እንተ ኾንካ፡ ወይ ከምዚ ገርካ ነቲ ቃል ሓቂ ብትኽክል ብምምቃል መጉት፣ ኣይኰነን ንቃል ኣምላኽ ከም ድላይካ፡ ሓንሳእ ከምዚ ሓንሳእ ከምቲ፡ ከተቛንጽቦ፡ ክትልውጦ፡ ክትግልብጦ ክትገላብጦ ፈጺሙ ኣይተዋህበካን! ወይ ፍጹም ነቲ ቃል ኵለንተናኻ ወፊኻ ኣጽናዓዮ፡ ርእስኻ ሃቦ! ወይ ከኣ ሓዲክካዮ ካልእካ ግበር! ኣብ ኣምላኽ ቀልዲ የለን!

ሕጅውን ክነግረካ፡ እዚ ኣብዚ ጠቐስካዮ ዘለኻ ፡ “When God created mankind, he made them in the likeness of God. 2He created them male and female and blessed them. And he named them “Mankind” when they were created.” ዝብል ትርጉም መጽሓፍ ቅዱስ፡ ኮነ ኢሎም ነቲ ቃል ሓቂ ካብ ዝገልበጥዎ ትርጉም ኢኻ ጠቒስካ። ሃየ ነዚ ዝስዕብ ብዙሕ ትርጉማት ተመልከቶ!

### English Standard Version

This is the book of the generations of Adam. When God created man, he made him in the likeness of God.

### Berean Study Bible

This is the book of the generations of Adam. In the day that God created man, He made him in His own likeness.

### New American Standard Bible

This is the book of the generations of Adam. In the day when God created man, He made him in the likeness of God.

### New King James Version

This is the book of the genealogy of Adam. In the day that God created man, He made him in the likeness of God.

### King James Bible

This *is* the book of the generations of Adam. In the day that God created man, in the

likeness of God made he him;

**Christian Standard Bible**
This is the document containing the family records of Adam. On the day that God created man, he made him in the likeness of God;

**Holman Christian Standard Bible**
These are the family records of the descendants of Adam. On the day that God created man, He made him in the likeness of God;

**New Heart English Bible**
This is the book of the generations of Adam. In the day that God created humankind, he made him in God's likeness.

**JPS Tanakh 1917**
This is the book of the generations of Adam. In the day that God created man, in the likeness of God made He him;

**New American Standard 1977**
This is the book of the generations of Adam. In the day when God created man, He made him in the likeness of God.

**King James 2000 Bible**
This is the book of the generations of Adam. In the day that God created man, in the likeness of God made he him;

**American King James Version**
This is the book of the generations of Adam. In the day that God created man, in the likeness of God made he him;

**American Standard Version**
This is the book of the generations of Adam. In the day that God created man, in the likeness of God made he him;

**Brenton Septuagint Translation**
This *is* the genealogy of men in the day in which God made Adam; in the image of God he made him:

**Douay-Rheims Bible**
This is the book of the generation of Adam. In the day that God created man, he made him to the likeness of God.

**Darby Bible Translation**
This is the book of Adam's generations. In the day that God created man, in the likeness of God made he him.

**English Revised Version**

This is the book of the generations of Adam. In the day that God created man, in the likeness of God made he him;

### Webster's Bible Translation
This is the book of the generations of Adam: In the day that God created man, in the likeness of God made he him:

### World English Bible
This is the book of the generations of Adam. In the day that God created man, he made him in God's likeness.

### Young's Literal Translation
This is an account of the births of Adam: In the day of God's preparing man, in the likeness of God He hath made him;

ካልኣይ ኣገዳሲ ሓቂ፥ እዚ ኣብቲ ናይ ቀደም ናይ እንግሊሽ translation ከም በዓል KJV (1611 A. D. )፡ ኣብዚ ትግሪኛ መጽሓፍ ቅዱስና ወዘተ. ዘሎ ትርጉም ንሱ ከኣ፡`` This *is* the book of the generations of Adam. In the day that God created man, in the likeness of God made he him;`` ዝብል ትርጉም፣ እንተዳኣ ብሓቂ፡ እታ ኣብዚ ዘላ ``መልክዕ`` ትብል ቃል፡ ነታ ኣንስተይቲ እውን ብማዕረ ተመልከት ኰይና፥ እሞ ንምታይ ደኣ እቶም ገለ ገለ ዘመናውያን ተርጉምቲ፡ ``"When God created mankind, he made them in the likeness of God.`` ናብ እትብል ክልውጥዋ ተገዲዶም፤ ንምንታይ ከም ዘላታ ዘይሓደጉዋ፤

ተመልከቶም፥ **New International Version**
This is the written account of Adam's family line. When God created mankind, he made them in the likeness of God.

### New Living Translation
This is the written account of the descendants of Adam. When God created human beings, he made them to be like himself.

### NET Bible
This is the record of the family line of Adam. When God created humankind, he made them in the likeness of God.

ንምንታይ እዞም ተርጕምቲ ነቲ ቃል ጎይታ ብድፍረት ለዊጠሞ፤ ነዚ ጥራይ እውን ኣይኰኑን ዝልውጡ ዘለዉ። ኣብ ሓድሽ ኪዳን እንተኾነ እውን ብዙሕ ነገራት እዮም ዝልውጡ ዘለዉ።

ነኣብነት ኣብ ማቴዎስ 25፡40 ንመልከት። ``እቲ ንጉስ ከኣ፡ እቲ ኻብዞም ናእሽቱ ኣሕዋተይ ንሓደ ዝገበርኩምሉ ንኣይ ከም ዝገበርኩምለይ፡ ብሓቂ እብለኩም አሎኹ፡ ኢሉ ይመልሰሎም።`` እቶም ተርጐምቲ NIV ግና፥ እንታይ ኢሎማ፥ "The King will reply, 'Truly I tell you, whatever you did for one of the least of these **brothers and sisters** of mine, you did for me.'` ( Matthew 25:40 NIV)

ደረቐኛታትን ደፋራትን ተርጐምቲ! ኣነ ነዚኣቶም ዋላ ሓደ ኣኽብሮት የብለይን! ንጐይታይ ከይተረፈ እዮም እኮ ዝእርምዎ ዘለዉ! እዋይ ድፍረት! ደፋራት እዮም እዚኦም!

## Luke 21:16 NIV
**16** You will be betrayed even by parents, **brothers and sisters**, relatives and friends, and they will put some of you to death.

ኣብዚውን ባዕሎም ብድፍረቶም ፡ ''ኣሓት'' ዝብል ቃል ኣእትየምሉ! እቲ ጥቕሲ፡``ወለድን ኣሕዋትን ኣዝማድን ኣዕሩኽን ኣሕሊፎም ኪህቡኹም፡ ካባካትኩምውን ንሓያሎ ኪቐትሉ እዮም። `` እዩ ዝብል። እዞም ደፋራት ዘመናውያን ተርጎምቲ ግና፡ ''ኣሓት'' ዝብል ቃል ወሲኸምሉ! እዚ ናይ ማዕርነታውያን (ኢጋልታርያን መንፈስ እዩ!)

<u>ክንደይ ኢልካ እሞ ክጽብጸብ! ካብ ግብሪ ሃዋርያት ጀሚርካ ክሳዕ መወዳእታ መልእኽትታት ብዙሕ እዮም ለዊጦም።</u> ኣዝዩ ብዙሕ፡ ብጣዕሚ ብዙሕ እዮም ለዊጦም! ወሳሲኾም! ዝወሰኹ ይወስኹ፡ ዝለወጡ ይለወጡ ብዘየገድስ፡ እቲ ቃል ኣምላኽ ግና ኣይልወጥን እዩ!

ኣብ መወዳእታ፥ እሞ ሃብቶም፡ ወይ ጠቕሊልኩም ንጳውሎስና ሕደጉልና! ወይ ከኣ ንኹሉ ጽሑፋቱ ብዘይ ቅድመ ኵነት ተቀበልዎ! ካልእ፥ ነዛ ምምጅራጥ ሕደግዎ! ዘዝፈተኻዮ ጥቕሲታትን ትርጉማትን ሓሓሪካ ምምጅራጥ ኣብ ቃል ኣምላኽ ኣይሰርሕን እዩ። እልፊ መጅረጥቲ ተኸኽ ኣቢሎምና። ሓንሳእ ደገፍቲ ጳውሎስ ክትመስሉ፡ ካብ ጳውሎስ ትምጅርጡ፡ ተገልቢጥኩም ድማ ንጳውሎስን ንካልእ ጽሑፋትን question ትገብርዎ! ንስኻ ድማ ኣታ ሃብቶም፥ ወይ ነቲ ቓል ሓቂ ትኽ ንትኽ ንምምቓልን ምምሃርን (2ጢሞ2፡15) ምሉእ ህይወትካ ወፊ ወይ ከኣ ኪድ ካልእካ ግበር! ቃል ኣምላኽ ብዘይ ኣግባብ ትሓዋውስ ኣለኻ! እዚ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ከሕትተካ እዩ።

ወደሓንካ!